*ነጸብራቓዊ ሓተታ*

# ከመይ ዘይከውን?

**(ካልኣይ ክፍል)**

*ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ህዝባዊ ናዕቢ ኣንጻር ውልቀ-መላኺ ንኽይልዓል ዓጊቱ ሒዙ ዘሎ ክውንነታት ከቕርብ'የ። ብቐጻሊ፡ ነቲ ኣብ መወዳእታ ክፋል ጽሑፈይ ኣንጠንጢለ ዝገደፍኩዎ ዓቢ ሕቶ፡ እናመለስኩ ክንዓዝ'የ።*

ኤርትራ ንለውጢ ትጽውዕ ኣላ። እዚ ጸዋዒት'ዚ ሓንሳብ ብረጕድ ሓንሳብ ብቐጢን ድምጺ ንነዊሕ እዋን ከየቋረጸ ከቃልሕ ጸኒሑ'ዩ። ሎሚ፡ ነዚ ጸዋዒት'ዚ መሊሱ ዘራጉድ ኣብ ከባቢ ኤርትራ ፍትሒ ዝጽውዕ ድምጺ ሞይቁ ፋሕ ይብል ኣሎ። ባይታ ለውጢ መሊኡ በሲሉ። እንተኾነ፡ በዓል ቤታዊ ዓቕሚ ኣይተማልአን።

ህዝቢ ኤርትራ ንዲሞክራሲያዊ መሰሉ ዘይርዳእ ህዝቢ ኣይኮነን። ፍትሒ ተሓሪምዎ ከምዘሎ ኣጸቢቑ ይፈልጥ። ንሳላሳ ዓመት ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣካይዱ ብዓብዪ ፍናን ዓወቱ ዘረጋገጸ ጅግና ህዝቢ'ዩ። እንተኾነ፡ ንዘለዎ ስግኣታት መሊሱ ብጹር ራእይ መገዲ ዓወት ዘርእዮ መሪሕ ስኢኑ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ይርከብ።

ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፈይ፡ ንዓቕሚ ህዝብና ድሂኹ ከዳኽም ዝኽኣለ ሮቓሒታት ፖሊሲ ህግደፍ ገለ ቁሩብ ዘርዚረ ነይረ። ባህርያት ናይ ኩሎም ውልቀ-መለኽቲ ስለዝኾነ፡ ንስልጣኖም ክጻባእ ዝኽእል ኩሉ ተኽእሎታት፡ ቆጥቍጦም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብ ሱሩ መንጊሎም ከብርስዎ እዮም ዝጽዕሩ። ሙብረክ ንሳላሳ፡ ቃዛፊ ንኣርባዓን ሓደን፡ ዓብደላ ሳልሕ ንልዕሊ ሳላሳ ዓመታት ፈቲኖም። እንተኾነ፡ ከምዝሓሰብዎ ኣይኮነሎምን። እኳድኣ፡ ኣደራዕ መጽቀጥቶምን ምዝመዛኦምን፡ ንኹሉ ጽፍሒታት ናይ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ኣስሚሩ ንመሰሉ ከም ዝለዓዓል ገይርዎ። እሞ፡ እዚ ክውንነት'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ ከመይ ዘይከውን?

ህዝቢ፡ ካብ ውልቀ-መላኺ ፍትሒ ኣይጽበን። ፕረዚዳንት ኢሳያስ፡ ውልቀ-መላኺ ካብ ኮነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዲሞክራሲያዊ መሰሉ ክቃልስ ይግበኦ። ምናልባት፡ ከም'ቲ ናይ ቱኑዝያ ወይ ግብጺ፡ ብሳቦያ ክልዓዓል ኣይክእልን። ናይ መራኽቢ መሳለጥያታት፡ ዋሕዲ ምሁራትን ሰብ-ሞያን የብሉን። ከምኡ'ውን ሳዋ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ብፍላይ፡ ኣብ'ቲ ሰፊሕ ሕብረተ-ሰብ ፈጢርዎ ዘሎ ኣሉታዊ ጠንቅታት፡ ንሁዱድ ኢሉ ክብገስ ዝኽእል ናይ ለውጢ ምንቅስቓስ ዓንቃጺ'ዩ።

ኣብ ኤርትራ ህዝባዊ ናዕቢ ክልዓዓልን ተላዓዒሉ ኣድማዒ ክኸውንን፡ ንናይ ደገን ናይ ውሽጥን ቃልሲታት ምውህሃድ የድሊ። ነዚ ዘዋሃህድን ዘፈጽምን ብቑዕ መሪሕ ይሓትት። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዝምልከት ኣብ ደገ ዝመደበሩ ደንበ ተቓውሞ ኣዝዩ ድኹም ኢዩ። ተወፋይነትን ሓባራዊ ናይ ኣሰራርሓ ልምድን ይበኾሮ። ኣብ ህዝቡ፡ ኣብ ፖለቲካዊ መንነቱ፡ ኣብ ታሪኹ ተኣማሚኑ፡ ክቃለስ ዓቕሚ ኣይውንንን። እዚ ኩነታት'ዚ፡ ኣብየ መድረኹ ንፕረዚዳንት ኢሳያስ ወርቃዊ ዕድል ክህብን ዝጸንሐ ዝህብ ዘሎን'ዩ።

ሓያል መሪሕነት ካብ ውሽጥና ማለት ካብ ህዝቢ'ዩ ዝፍጥር። ስለዚ ንሕና ቅኑዕ መሪሕነት ክንፈጥር ኣይክኣልናን። ድኽመትና ፡ እኩብ ድሙር ድኽመት ናይ ነፍሲ-ወከፍና ኢዩ። እዚ ድኽመት'ዚ፡ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ወይ ኣብ ኸጠር ወይ ኣብ ትሩፑሊ ለሚንካ ዝሕከም ኣይኮነን። ኤርትራዊ ሽግር፡ ኤርትራዊ ፍታሕ'ዩ ዘድልዮ። ካልኦት ሃገራት፡ (ኢትዮጵያ ከይተረፈት) ነናይ ገዛእ ርእሰን ጸገም ኣለወን። ጸገማተን ዝፈትሓ ሃገራት'ውን ኣይኮናን፡ ስለዚ ንኤርትራ ጸገም፡ ንገዛእ ርእሰን ረብሓ ክምዝምዝኦ ግን ድሕር ዝብላ ኣይኮናን። ታሪኽና ይመስክር!!

ኣቦታትና፣ ንጉስ ሃይለ ስላሴ ክጎብጦም ምስ መጸ፣ ፍታሕ ወይ ሓገዝ ክልምኑ ናብ ሱዳን ኣይከዱን። ``ኤርትራ ንኤርትራውያን`` ኢሎም። ``ኣይንፈላለ`` ኢሎም ድማ ሓርበኛዊ ኪዳን ኣትዮም። ሎሚ፣ ``ኤርትራ ንኤርትራውያን ብኤርትራውያን`` ክኸውን ምተገበአን ይግባኣን ኢለ እኣምን። ኣብ`ዚ ዘትከለን ዝረገጸን ምሉእ እምንቶ ጥራሕ`ዩ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጸገም ክፍታሕ ዘኽእል። እዚ ከም መርሖ፣ ከም ምሉእ እምንቶ፣ ከም መበገሲ ተግባረ-ስራሕ፣ ሒዙ ዝብገስ ውድብ/ ሰልፊ፣ ንዲያስፖራ ኤርትራን ንኣብ ውሽጢ ዝርከብ ህዝብናን ብሓደ ህርመት፣ ብምትእማንን ንውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ክጸርግ መኽኣለ።

ብንጹር ዘረባ፣ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን (ኤ.ዲ.ኪ).፣ መነሃርያ ቃልሱ ኣዲስ ኣበባ ብምግባሩ ጥራሕ፣ ምስ ኣብ ውሽጢ ዝርከብ ህዝቢ ዘራኽብ ደንድል ባዕሉ ኣዕንይዎ። ምስ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝብና ከየተራኸበን ኣብ ውሽጢ ባይታ ከየጣጠሐን፣ ኣብ ኤርትራ እቲ ዘድለ ለውጢ ክመጽእ ኣይሕሰብን። ስለዚ ኤ.ዲ.ኪ. ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ምዕስካርን ናይ ገዛእ ርእሱ ምሉእ ነጻነት ክህልዎ ዘይምኽኣሉን ንህግደፍ ግርም ይጠቕሞ ኣሎ።

ምናልባት፣ ኤ.ዲ.ኪ. ``ሃይል ያጽንዓ ሃይለ-መንግስት`` ኢሉ ይኣምን ይኸውን። ማለት፣ እንተ ባዕልና እንተ ብሓገዝ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንህግደፍ እንተ ኣልጊስናዮ፣ ህዝቢ ኤርትራ ፈትዩ ጸልኡ ክቕበለና`ዩ.. ይብል ይኸውን። እንተኾነ እዚ እምንቶ`ዚ ንህግዲፍ ኣይጠቕሞን። ንህዝብና ድማ ረሚስዎ። ብተወሳኺ፣ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ምስ ኣተዉ ብቐሊል ከምዘይወጹ ዝተፈልጠ`ዩ።

ደንበ ተቓውሞ፣ ብኤ.ዲ.ኪ. ዝግለጽ ኣይኮነን። ካብ ኤ.ዲ.ኪ. ወጻኢ ዝተፋላለየ ውድባት/ሰልፍታት ኣለዋ። እዚኣተን`ውን ድኽመታት ዝሰዓረርን እየን። ተጠርኒፈን ሓደ ሓይሊ ወይ መተካእታ ክኾና ኣይከኣላን። ዝፈላልየን መሰረታዊ ነጥቢ የለን። ክፍታሕ ዘይክኣል ትሕዝቶ ብፍላይ ኣብ`ዚ ህሞት እዚ የብለንን። ጸገመን ብሓደ ኮንካ ናይ ምስራሕ ልምዲ ዘይምጥራይ`ዩ። ብሓደ ክትሰርሕ ዘይምኽኣል ድማ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ውልቀ-መላኺ ድከቱ ክበልዕ ምግዳፍ`ዩ። ነቲ ካብ ውሽጢ ክበጋገስ ዝግበኦ ናይ ተቓውሞ ማዕበል ከይብገስ ባይታ ምምካን`ዩ።

ገለ`ውን፣ ንግደ ህዝቢ ኤርትራ ኣትሒቱ ዝርኢ ስሚዒታት ቦጮቕ ይብል`ዩ። ንኣብነት፣ ``ህዝቢ ኤርትራ፣ ከይሰማማዕ ተሳማሚዑ`ዩ! ህዝቢ ኤርትራ ብሃይማኖት፣ ብቐቢላን ኣውራጃን ተፋላልዩ ስለዘሎ፣ ብሓደ ሰሚሩ ናይ ለውጢ ማዕበል ከበግስ ኣይክእልን`ዩ! መንእሰያት ኤርትራ ናይ ምቅላስ ወኒ የብሎምን``...!! ዝብልን ካልእ ብዙሕን ኢዩ። እዚ ተስፋ ዝቖረጸ ሕልና`ዩ። እዚ ተስፋ ዝቖረጸ ሕልና ኢዩ ድማ ኣብ ኤርትራ ናይ ኢትዮጵያ ወተሃደራዊ ምትእትታው ክዕድም ዝወጣወጥ።

ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን፣ ንስርዓት ኢሳያስ ይቃወም እየ ዝብል- ውድብ፣ ሰልፊ፣ ምንቅስቓስ፣ ግንባር፣ ውልቀ-ሰብ፣ ነናይ ገዛእ ርእሱ ድኽመት ይሓክም። ንውሽጣዊ ኣተሃላልዉ ይኹን ንስራሕ ዕንቅፋት ዝኾኖ ዘሎ ዘይሰውራዊ ባህሊ የመዓራሪ። እምበር፣ ህዝቢ ኤርትራስ ቅድሚ ኩሎም ጎረባብቱ፣ ዲሞክራሲያዊ ልምዲ ነይርዎ። ሕገ-እንዳባታት፣ ፓርላማ/ባይቶ ኤርትራ፣ ሰላማዊ ሰልፍታት ናይ 1950ታት፣ ሓሳብካ ናይ ምዝራብ ነጻነት ፣ ጋዜጣታት -ዳሃይ ኤርትራ፣ ኣይንፋላለ... እሞ ብጽሞና ንመልከቶ...

... ይቕጽል

ጸጋይ ነጋሽ